# ¨እታ ጭርሖ ሽም ቀይራ¨
## (ጩናፍር ዘርጊሖም ጭፍራ)

ሰብ ዶ ይነብርዩ ታሪኽ እንበር
ንሕና ኢና ግባር ህዝባዊ ግንባር
ኣስላም ክስታን ደቂ ኤረ ብሓባር
ሽም ኣይተሰወኤን ህዝቢ እንበር
ኣንነት በዚሑ እንታይ ሞ ይገበር;;

ያኣክል ብመንእሰያት ምሽቃጥ
ንሕና ንበዝሕ እንዳበልካ ምጉጣጥ
ከድሊዩ ፈታውን ጸላእን ምፍላጥ;;

ይሰምዕ ይርኢ ጸሚመ ዶ ዓዊረ
ብመሪሕ ጅግና ዓዋተ ወዲ ኤረ
ብ61መስከረም ሰውራ ምስ ተጀመረ
ኤርትራ ንኤርትራዊያን እንዳ ጨደረ
ኣታሐሳስባ ሱሳታት ዩ ንገዛእቲ ዘባረረ
ንኢሰያስ ዝሐንገረ;እዚ ክብል ምሐፈረ;;

ንተበግሶ ኤርትራዊ ሃገራዊ ሕቶ
ካብ ጉባኤ ኣዋሳ ንኤርትራዊ ባይቶ
ከይተበገሰ ዕንቅፋት በዚሕዎ ዘራጊቶ;;

ዘመን ግርምቢጥ ማይ ንዓቐብ
ሕጂ ድማ ድሕሪ ነዊሕ ዶውታ
ኣብ ዳግማይ ትንሳኤ ባይቶ ኮታ
ንሕና ኢና ናይ ህግደፍ መተካእታ
እንዳበልካ ጫሌዳታት በዚሑ ቱታ;;

*ክይቀደመትኪ ሐባል በሊያ*
*ቅድሚ ነጻነት ተገፊዕና ብዝርያ*
*ንሐርነት ዘብዘብ ወሲኽናሉ ጉያ*
*ዋጋ ዝኸፍል ዘሎ መንዩ መንያ።*

*(ኣለዉኹም እወ)*
*ካብ ላዕሊ ንታሕቲ*
*ምስ ማፍያዊ ጉጅለ ተሐተቲ*
*ንሕና ኢና ተካእቲ በሃልቲ*
*ካብ ደገ ዘረባ መተሐላለፍቲ*
*ትንፋስ ንጹሃት ዘሕለፉ ሐሰውቲ።*

*(ኣለዉኹም እወ)*
*ብርሃን ናብ ጸላም ዝለወጡ*
*ጵጋናዊያን ጉድኩም ተፈሊጡ*
*ንድሕነቶም ብዘሕ ኣይትወጠጡ።*

*ኣንጺፍና ናይ ሐርነት ባይታ*
*ሐቖፍናኩም ቅድሚ እቕሬታ*
*ንጭርሖ ያኣክል ንሕና ዋናታታ*
*ንቀዳሞት ንምንጻል ትብሉ ቲታ።*

*ከም ህዝቢ ሱዳን ንክገብር ሐቦ*
*ንህዝቢ ኣብ ማእከሉ ኮንካ ትሕብሕቦ*
*እንበር ኣብ ኣዳራሽ ብሐሶት ጭርሖ*
*ካብ ድያስፖራ መን ንመ ክመርሖ።*

*ኣርባዓን ሽዱሽተን ዓመት ኣብ ቃልሲ*

*ኣብ ኤርትራ ክነግስ ሕጊ ምስ ዲሞክራሲ*
*ህዝቢ ኤርትራ ክኸውን ናይ ርስቱ ወራሲ;;*

*ከምቲ ናተይ መሰል ንህዝቢ ክምነ*
*ንሐርነት ዓደባይ ዝተሐረምኩ ኮይነ*
*ሕድሪ ጀጋኑ ከይተተግበረ ዶ ቀሲነ*
*ብያኣክል ዝተዓወተ ኣይሰማዕኩን ኣነ;;*

*ኣይፋል ንጽገና እወ ንሐርነት*
*ምስ ጉጅለ ህግደፍ ዕርቂ ዘበት*
*ካብ ዉሽጡ ሑፉር የለን ነሕፍነት።*

*ዓወት ነቲ ደም ዝነብዕ ዘሎ ህዝቢ ኤርትራ;ክብርን ሞጎስን ንጀጋኑ ሰማእታትና፣ስዕረት ንጃንዳ ህግደፍን ዓንገልቶምን፣ ካብ ዉሽጡ ሑፉር ኣባል ተሐኤ በርሀ ዑቅባዝጊ ሃገር ጀርመን።*